*TIGRIGNA*

# ናይ ሜትሮ አውቶቡስ ትራንስፖርት ንባላርድን ፍራንክሊን ካልአይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮት

ካብ ሰብተምበር 2006 ዓመተ ምሕረት ጀሚሩ ናይ ባላርድን ናይ ፍራንክሊን ካልአይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተማሃሮት ናይ ከተማ ሜትሮ አውቶቡስ ክጥቀሙ ክጅምሩ እዮም።ከም እቶም ካልኦት ብዙሓት ናይ ካልአይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮት ናብ ቤት ትምህርቲ ንምኻድን ናይ ሜትሮ አውቶቡስ ክጥቀሙ ክጅምሩ እዮም ማለት እዩ።

## ናይ ሜትሮ አውቶቡስ ተጠቃሚ ንሙኻን ብቁዕ መን እዩ?

ናይ ባላርድን ፍራንክሊን ካልአይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ተምሃሮት ዝኾኑ ካብ ዝነብርሉ ሰፈር አድራሻ ናብ ቤት ትምህርቲ ካብ 2.5 ማይል ርሕቐት ንላዕሊ ዝነብሩ እንተዳአ ኾይኑ ናይ ሜትሮ አውቶቡስ ተጠቐምቲ ንሙኻን ብቑዓት ክኾኑ እዮም ማለት እዩ።

አብ ፍሉይ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም IEP ዝማሃሩ ተምሃሮት ካሊእ ዝግባእ ፍሉይ ናይ ትራንስፖርት ግልጋሎት ክረኽቡ እዮም። ብተውሳኺ እውን ናይ እቲ 504 ፕላን ተባሂሉ ዝጽዋዕ ፕላን ውሽጢ ዘለዉ ተምሃሮት እውን በቲ ፕላን መሰረት ዘየቋርጽ ናይ ትርንስፖርት ግልጋሎት ክረኽቡ ክግበር እዩ።

## እዞም ለውጥታት ንምግባር ንምንታይ አድልዩ?

እዚ ፕሮግራም ንፍላይ ንናይ ባላርድን ናይ ፍራንክሊን ካልአይ ብርኪ ቤት ትምህርትታት ተማሃሮት ንሙከራ ተባሂሉ ዝተዳለው ፍሉይ ፕሮግራም እዩ። በዚ መሰረት እውን ናይ ኸተማ ሜትሮ አውቶቡስ ብምጥቃም ብዙሕ ናይ ገንዘብ ትርፊ ክነትርፍ እንተደአ ክኢልና እቲ ፕሮግራም ናብ እተን ካልኦት ቤት ትምህርትታት እውን ክዝርጋሕ ክግበር እዩ።

ቤት ትምህርትታት ትምህርቲ ዝጅምራሉ መግረጺ ሰዓት ይህልወን ማለት እዩ። ትምህርት ደንገዩ ይጅምሩ ማለት እዩ።ንአብነት ባላርድ ትምህርቲ ንግሆ ሰዓት 8፤20 እስከ ቀትሪ 2፤50 ናይ ፍራንክሊን ካብ 8፤00 እስካብ 2፤30 ማለት እዩ።

ተምሃሮት ናብ ቤት ትምህርቲ አቐዲሞም ይኸዱ ወይከአ አብ ቤት ትምህርቲ ናኢ ምጽናሕ መማረጺ ይህልዎም ማለት እዩ

ተምሃሮት ናብ ቤት ትምህርቲ ንምካድና ንምጻእን ዝተፈላለዩ ብዙሕ መማረጺ ይህልዎም ማለት እዩ።

## ተምሃሮት ኣየናይ ኣውቶቡስ እዮም ዝሳፈሩ?

ኣብ ሰብተምበር ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ብቑዓት ዝኾኑ ተማሃሮት ኩሎም (ካብ ቤት ትምህርቲ ካብ 2.5 ማይል ርሕቐት ንላዕሊ ዝነብሩ) ብኣድራሻኦም ብዛዕባ ናይ ሜትሮ ኣውቶቡስ ዝመጸሉን ዝኸደሉን ሰዓታት ዝሕብር ኣገደስቲ ዝኾኑ ሓበሬታታት ብኣድራሻኹም ደብዳበ ክስደደልኩም እዩ።

## ተምሃሮት እቲ ንመጓዓዚ ዝኸፈል ከመይ ክኸፍሉ ይኽእሉ?

ብቑዓት ዝኾኑ ተምሃሮት(ካብ ቤት ትምህርቲ ካብ 2.5 ማይል ርሕቐት ንላዕሊ ዝነብሩ) ናብ ቤት ትምህርቲ ንምምልላስ ዝጥቀምሉ ናጻ  ናይ ወርሒ ትኬት ክዋሃቦም እዩ።

ኣብ ሰብተምበር ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ ንታ ናይ መጀመርታ ዕለት ዝጥቀምሉ ናጻ ናይ ሜትሮ ትኬት ንቶም ብቑዓት ዝኾኑ ተማሃሮት (ካብ ቤት ትምህርቲ ካብ 2.5 ማይል ርሕቐት ንላዕሊ ዝነብሩ) ኩሎም እቲ ትኬት ብኣድራሻኦም ክስደደሎም እዩ።ብድሕሪኡ እቲ ናይ ወርሒ ነጻ ትኬት ካብቲ ቤት ትምህርቲ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም።

ናጻ ናይ ሜትሮ ኣውቶቡስ ትኬት ኣብ ዝኾነ ሰዓትን እዋን ኣብ ኩለን ናይ ሜትሮ ትራንዚት ኣውቶቡሳት ብናጻ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ እዮም።

ናጻ ናይ ሜትሮ ትኬት ዘለዎም ተምሃሮት ኣብ ኮሚዩኒቲ ትራንዚት፣ ኤቨሬት ትራንዚት፣ ፒሬስ ትራንዚትን ሳውንድ ትራንዚት ክምኡውን ኣብ  ኤክስፕረስን ሳውንድ ኮሚዩተር ባቡር ተወሳኺ 50 ሳንቲም ብምኽፋል እቲ ትኬት ተጠቒሞም ክጓዓዙ ይኽእሉ እዮም።

## ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ መን ክነዛርብ ንኽእል?

ዝኾነ ሕቶ እንተዳኣ ሃሊኩም ናብ ናይ ባይሊንጓል ስንተር በዚ ዝስዕብ ስልኪ ቁጽሪ ስልኪ ብምድዋል ክትሓቱ ትኽእሉ (206) 252-7750.

*TIGRIGNA*

## ናይ ሜትሮ ኣውቶቡስ ናጻ ትኬት ኣጠቓቕማ

ናይ ሜትሮ ናጻ ትኬት ክትቕበሉ እንክለኹም ብናይ ትርንዚትን/ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ንናይ ሜትሮ ኣውቶቡስ ኣጠቓቕማ ዝወጽ ሕጊን ደንብን ከምተኽብሩ ትሰማምዑ ኣለኹም

**ንኹሎም ናይ ሜትሮ ተሳፈርቲ ድሕንነት:**

ዝኾነ ሰብ እቲ ዝግባእ ገንዘብ ብምኽፋል ብናይ ሜትሮ ኣውቶቡስ ክጓዓዝ ይኽእል እዩ፡፤ዝኾነ ናይ ሜትሮ ተሳፋራይ ናይ ካልኦት ተሳፈርቲ መሰላት ከኽብር ኣለዎ። ኣብ ኣውቶቡስ ውሽጢ ተሳፋርቲ ከኽብርዎ ዝግባእ ሕግን ስርዓትን ኣሎ እዩ እቲ ሕጊ ብናይ ሎካልን ናይ ሜትሮ ትራንዚት ፖሊስ ኣብ ስራሕ ከምዝውዕል ይግበር

**ካብዘን ኣብታሕቲ ዝተዘርዘራ ዝፈጸመ ሰብ በወንጀል ከኽሰስ ይክእል፤ ክእሰር ወይከኣ ገንዝብ መቕጻዕቲ ክኽፍል ይኽእል**

- እቲ ግቡእ ዝኽፈል ዘይኽፈለ
- ኣልከሆል መስተ ምስታይ
- ብዘይ ናይ እዝኒ መስምዒ ሬድዩ ወይከኣ ቴፕ ምስማዕ
- ምድቃስ ወይከኣ ካብ ሓደ ንላዕሊ ወንበር ምሓዝ
- ሹፌር ወይከኣ ካሊእ ተሳፋራይ ምህራም
- ምትህርራም
- ጋሓፍ ምድብራይ ወይከእ ርስሓት ክህልው ምግባር
- ንብረት ምስባር
- መተሓላላፊ መንገዲ ምዕጻው
- ሽጋራ ምስታይ
- ዝባራዕ ነገር ምሓዝ
- እንቱፍ ምባል
- መንጥልጣል ወይም መዝላል
- ብመስኮት ወይከኣ ብማዕጾ ሰውነት ኣካልካ ምውጻእ

ብዛዕባ ሜትሮ ኣውቶቡስ ኣጠቓቕማ ዘሎ ሕግን ስርዓትን ተወሳኺ ሓበሬታ ካብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትረኽቡ ትኽእሉ:
*County Clerk of the Council offices*
*King County Courthouse Room 402*
*516 Third Avenue*
*Seattle, Washington 98104-2386*
ክምኡውን ኣብ ኩለን ቤተመጽሓፍቲ

**እቲ ሕግን ስርዓትን ዝጣሓሰ ውልቀሰብ እቲ ዝተዋሃቦ ናይ ናጻ ትኬት ክሕደግ እዩ**

ኣብ ላዕሊ ዝተጻሓፈ ሕግን ስርዓትን ከኽብር እየ

ናይ ተምሃራይ ፌርማ ____________________________ ሙሉእ ስም _____________________

ዕለት ____________________

Original Copy - School Second Copy - Student